*መዝሙር ምስጋና*

# <u>መዝሙር እምነት 1 ተመስገን ኣምላኺይ</u>

1. የሱስ ንዓይ ክብል ብዙሕ ተጨነቐ
ኣብ ክንዳይ ሓሊፉ ህይወተይ ኣድሓነ
ሽግረይ ወሲዱ ንህይወተይ መርሐ
ክብረቱ ሓዲጉ ሓዘነይ ወሰደ

ተደጋሚ፡- <u>ተመስገን ኣምላኺይ ምሕረት ረኺበ'የ</u> <u>ብጸጋ መሊአ ከመስግነካ'የ (2)</u>

2.ካብ ድኻመይ ኩሉ የሱስ ረዲኡኒ
ካብ ናይ ሞት መከራ ሓራ ኣውጺኢኒ
ጭንቀተይ ርእዩ'ውን ኣብ ክንዳይ ሓዘነ
ንህይወተይ ከድሕን ኣብቲ መስቀል ሞተ
*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

3.ካብ ሓጢኣት ከምልጥ የሱስ ረዲኡኒ
ንዕኡ ክኸተሎ ፍቕሩ መሊኡኒ
ሕስራነይ ለቢሱ ክብረት ኣልቢሱኒ
ብኹሉ ተጻልአ ንዓይ ከድሕነኒ
*<u>ተደጋሚ፡-</u>*

4.ኣብ ዓለም ክነብር መን'ዩ ሓላውየይ
ካብ ውድቀተይ ኩሉ ኣምላኽ ረዳእየይ
ምስ ሓጢኣተይ ኩሉ ኣምላኽ ደለየኒ
ረዳእየይ ኮይኑ ጸጋኡ ሃበኒ

ተደጋሚ፡-

## መዝሙር እምነት 2. እመስግኖ

1. ቲ'ጽሩይ ዘንጽህ ምንጪ፡ ክፉት ምስ ርኣኽዎ
መንፈስ ቅዱስ ዓደመኒ፡ ካብ ሓጥያት ከንጽሃኒ።

ተደጋሚ፡- እመስግኖ እመስግኖ ክብሪ ነቲ ብሩኽ ገንሸል፡
ኩሉ ህዝቢ የመስግኖ ደሙ'ፍሲሱ'ዩ ንምንጻህና።

2. ኩሉ ባህገይ ምስ መደበይ ከም ጉሓፍ ቆጸርክዎ፡
ንየሱስ መታን ክስዕብ ንኹሉ ነጸግክዎ።

ተደጋሚ

3. ክብሪ ይኹን ንስም የሱስ፡ ሕጉስ'የ ዘፍቀረኒ፡
ንኣበሳይ ደምሲሱለይ ፡ ልበይ'ውን ኣንጺሁለይ

ተደጋሚ

4. ክብሪ ይኹን ንኣቦና፡ ክብሪ’ውን ንየሱስና፡
ስግደት’ውን ንመንፈስ ቅዱስ፡ ክብሪ ንስሉስ ኣምላኽ

ተደጋሚ

## መዝሙር እምነት 3 ክንዝምር ክንውድስ’ውን

1. ኩሉ ሽጋር ናይ ዓለም ወዲእና ከነራግፍ፡
ኣብ ሰማይ የሱስና ከነንግስ፡
ፍቁራትና ክንርኢ ምስኣቶም’ውን ክንጽንበር
ኣብ ሓዳስ የሩሳሌም።

ተደጋሚ፡ ክንዝምር ክንውድስ’ውን ምስቶም ብጹኣን ኳንና፡
ኣብ የሩሳሌም ኣብ የሩሳሌም።
ንንጉስና እናንገስና ሆሳእና ክንብል ኢና፡
ኣብ ሓዳስ የሩሳሌም

2. መገደይ ምስ ጸልመተ ይመርሓኒ፡
መስቀለይ ኣልዒለ ክስዕቦ፡
ፈጺመ እእመኖ ክኸተሎ’ውን እየ፡
ኣብ ሓዳስ የሩሳሌም
<u>*ተደጋሚ:-*</u>

3. መገሻና ወዲእና ንብዓትና ምስ ዘፈፈ ፡
ክብሪ ኣምላኽ ክግለጸልና፡
ብብሩህ ዓይኒ ክንርእዮ ንየሱስ መፍቀሪና፡
ኣብ ሓዳስ የሩሳሌም።
<u>*ተደጋሚ:-*</u>

4. ምስቶም ጭፍራ ሰማያት ሓቢርና ክንውድሶ፡
ፍጹም ፍቕሪ ለቢስና ከነንግሶ፡
ብሩህ ገጹ ክንርኢ ኣብታ ብጽእቲ ሃገር፡
ኣብ ሓዳስ የሩሳሌም።
<u>*ተደጋሚ:-*</u> *ጸ.ይ*

# <u>መዝሙር እምነት 4 ነፍሰይ ድሒና ይመስገን</u>

1. ሰላም ከም ወሓዚ ልበይ የርዊ- ሓዘን ከም ማዕበል ‘ተመጸ፡

ሽግረይ ብርቱዕ፡ ይምህረኒ የሱስ፡ ንምባል ድሒነ፡ ይመስገን።

ተደጋሚ፡- ብየሱስ ኣሚነ፡ ህይወተይ ድሒና፡

ይመስገን።

2. ፈተና ሽግር ብጸላኢ ነፍሰይ ምስ ዚመጻኒ፡ እሃድእ

ድኻመይ ይርእዮ ባዕሉ መድሕነይ፡ ህይወቱ ኣብ ክንዳይ ዘሕለፈ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ሓጥያተይ ኩሉ ተደምሲሱለይ- ዘገርም ጸጋ ኣምላኸይ፡

ንኹሉ ጾረይ ኣብ መስቀል ኣብጽሖ - ይመስገን፡ ይመስገን፡ መድሕነይ።

*ተደጋሚ፡-*

4. ዎ ኣምላኽ እምነተይ ኣደልድለለይ - ጸልማት ይጠቕለል ብኹሉ።

መለኸት ይህረም ጎይታ ይምለስ - ሃሌሉያ፡
ኣምላኽ ይመስገን።

ተደጋሚ፡-

ኣ.ሓ

# መዝሙር እምነት 5 ኣብ ትሕቲ መስቀል

1. ኣብ ትሕቲ መስቀል ናይ ቀራንዮ፡ ሕድገት ሓጥያት ዝረኸብኩሉ፡

ክቡር ደም ነፍሰይ ኣንጺሁ፡ ክብሪ ንስሙ።

ተደጋሚ ክብሪ ንስሙ፡ ክብሪ ንስሙ፡

ክቡር ደሙ ነፍሰይ ኣንጺሁ፡ ክብሪ ንስሙ።

2. ሓራ ወጺኤ ካብ ሓጥያተይ፡ ምሳይ ኣሎ ባዕሉ የሱሰይ፡

ተቐቢሉኒ ኣብ መስቀሉ፡ ክብሪ ንስሙ።

ተደጋሚ፡-

3. ዘንጽህ ፈልፋሊ ደም የሱስ፡ ተሓጉሰ ስሬት ረኺበ፡
ካብ ውድቀተይ ኣብቲ መስቀሉ፡ ክብሪ ንስሙ

*ተደጋሚ፦*

4. ምጻእ ናብኡ ሰላም ክትረክብ፡ ንገሮ ድሌትካ ንየሱስ፡

ንጽምኣት ነፍስኻ ዘርኢ፡ ክብሪ ንስሙ።

*ተደጋሚ፦*

ኣ.ሓ

# መዝሙር እምነት 6 ከመይ'ሉ ኾነለይ

1. ከመይ'ሉ ኾነለይ የሱስ ከፍቅረኒ

ንዓይ ድኹም ሕሱር ፊትዩ ክቐርበኒ

ዝርአ ዘይርአ ኩሉ ዝፈጠረ

ከመይሉ ኾነለይ ክብለኒ ወደየ

ተደጋሚ፡- ተሓጒሰ ተመስገን ተመስገን ኣምላኺይ

ተዓዊተ ተመስገን ተመስገን

ኣምላኺይ

2. ከመይ’ሉ ኾነለይ ብኣምላኽ ክናበ
   ብስጋ ብነፍሲ ኲሉ አናሃበ
   ካብ ጸላኢ ነፍሰይ ዓወተይ ዘይፈቱ
   ዓወት አናሃበ ናብ ሰማይ ዘአቱ

   *ተደጋሚ፡-*

3. ከመይሉ ኾነለይ ኣብ ዙርያ’ቲ ዝፋን
   ምስ ኲሎም ኣሕዋተይ ብሓጎስ ምምስጋን
   የሱሰይ ዘለዎ ነቲ ጥዑም ዓዲ
   ከመይ’ሉ ኾነለይ ክኸውን ወራሲ

   *ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 7 ተመስገን የሱስ መፍቀሪና

1. ከም ሓሳብ ናይ ጸላእ'ሲ ካብ'ዛ ምድሪ ምጸነትና
ሰዓሪ የሱስ ጎይታ ግን ካብ ኢዱ ኣይወፈየናን
ብሒደትን ብብዙሕን ፈተና'ኳ 'ንተሓለፍና
ሳላ ምሕረቱን ጸግኡን እንሆ ኣብዚ በቒዕና

ተደጋሚ፡- ተመስገን የሱስ ተመስገን
ተመስገን ጎይታ ተመስገን
ተመስገን ተመስገን የሱስ መፍቀሪና
ናብዚ ኹሉ ዘብጻሕካና

2. ብጽድቂ ዕርቃን ነፍስና፡ ብልብሲ ዕርቃን ዝባንና
ይብጻሕካ ውዳሴ ክብሪ፡ ንዘማዕረካ ኣምላኽና።
ብህድኣት ኣብ ጽላል ቤትና ክነብር ተሓቛቚፍና፡
ይብጻሕካ ውዳሴ ክብሪ፡ ጸጋ ዝሃብካ ኣምላኽና።
*ተደጋሚ፡*

3. ነዚ ተስፋኡ ዘይጠልም፡ ብሳህሊ ምሉእ ኣምላኽና።
ካባና ከም ዘይፍለሲ፡ ኣይንጠራጠርን ኢና።

ኣብዚ ዘለናዮ ምዕራፍ፡ ኣጀሚሩ ዘብጽሓና።

የፈጽመና ብዓወት፡ ተሪፉ ዘሎ ጉያና።

*ተደጋሚ፡* ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 8 ሃሌሉያ ንጸጋኻ

1. ክብሪ ንኣምላኽ ስለ ህያብ ወዱ፡

ከድሕን ህይወትና ኣብ መስቀል ሞይቱ።

ተደጋሚ፡ ሃሌሉያ ንጸጋኻ ሃሌሉያ

ኣሜን፡

ሃሌሉያ ንኽብርኻ

ኣተንስኣና።

2. ክብሪ ንስሙ ዝሞተልና ገንሸል፡

ኣበሳና ጾይሩ ሓጥያትና ዘንጽህ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ንህይወትና ሕጂ ንዓ ኀቓቕሕ፡

መንፈስካ ኣዝንበልና ፍቕሪ ክንመልእ።

*ተደጋሚ፡-*

ክ.ጸ

## መዝሙር እምነት 9 ተሓጉስና ተመስገን ኣምላኽና

1. መታን ከይነብር ካብ ሓጢያትና ሞይትና፡
   ከይንጠፍእ ድማ  ካብ ገጽካ ርሒቕና፡
   ክብረትካ ሓዲግና መጻእካ ናባና፡
   ክንደይ ዓቢ ፍቕሪ ዘይብሉ መዘና።

ተደጋሚ፡- ተሓጉስና ተመስገን /2/
ኣምላኽና

ተዓዊትና ተመስገን /2/
ኣምላኽና።

2. ምእታውናን ምውጻእናን ትሕሉ ነቒሕካ፡

ካብ መጽወድ ጸላኢ ድማ 'ናባላህካ

ኣብ ኩሉ ፈተና ዓወት እናሃብካ፡

ኣብዚ ዘብጻሕካና ምስጋና ይብጻሕካ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ከም ኣቦ ንወዱ'ና ተኸናኺነ፡

ኣብ ምልኣት ዘብጽሖ ኣጆኻ'ናበለ፡

ከምኡ'ውን ንስኻ ና'ተኸናኸንካ፡

ናብ ዓወት ናብ ምልኣት ተብጽሓና 'ሎኻ።

*ተደጋሚ፡-*

4. 'ዚ ኹሉ ከይኣከል ዘገርም ፍቕርኻ፡

ከንዝኸትም ከኣ ክትመጸና ኢኻ፡

ኣቦ ክትኮነና ክንከውን ደቅኻ፡

ንዘልኣለም ድማ ክንነብር ምሳኻ።

*ተደጋሚ፡-* ደ.ሓ

## መዝሙር እምነት 10 ሓደ ክልተ ኢለ ክጽብጽብ

1. ኣብ ክንዳይ መሪር ሞት ጠዓምካ፡

ንምድሓነይ በጃ ሓለፍካ፡

ኣብ ውግኣይ ኳንካኒ ዋልታ፡

ኣብ ፍርሃተይ'ውን ጸግዐይ ኢኻ።

ተደጋሚ:- ሓደ ክልተ ኢለ ክጽብጽብ ኩሉ ሰናይ
ዝገበርካለይ

ስብሓት ንስምካ ይኹን እብል፡ ምስጋናኻ
ይመልእ ልበይ።

2. ከይጠሚ ከይጸምእ ብእኽለ ማይ፡
ከይዓርቕ ዝባነይ ብኽዳን፡
ከይዝኽትም’ውን ብሕብረት ኣሕዋት፡
ዘዕገብካኒ ተመስገን ኣምላኽ።
*ተደጋሚ:-*

3. ኣብ ዙርያ ቤተይ ከም ሓላዊ፡
ኣብ ውሽጢ ቤተይ ከም ወላዲ፡
ኣብ ፈተናይ ዓወት ወሃቢ፡
ንተግባር ኣእዳወይ ባራኺ።
*ተደጋሚ:-*

4. ብኣምላኸይ እሕጎስ ኢየ፡
ብሓጎስ ሓዘን ኩሉ ግዜ፡
ብፍቓዱ ኩሉ ዝሰዶ፡
ኣሜን ኢለ’ውን እቕበሎ።
*ተደጋሚ:-*

5. እንታይ ኣሎ ዘሕዝነኒ፡
ኣምላኸይ ካብ ዝጓስየኒ
ደጊም ብጥዑይ መዝሙር ደሃይ፡
ኣመስግኖ ንንጉስ ሰማይ፡

ተደጋሚ፡-
ደ.ሰ

# <u>መዝሙር እምነት 11 ኣመስጊነ ኣይጸግቦን</u>

1. ካብዚ ናይ ዓለም ሓጥያት ካብ ዘልኣለም ጥፍኣት፡
   ብደሙ ዘእተወኒ ናብ ደስ ዘብል ምድሓን፡
   ደሓር’ውን ዘድሕነኒ ካብ ሕሱም ስቅያት
   ልበይ ናብ ዝቐስነሉ ተባረኽ መኻን።

ተደጋሚ፡- ኣመስጊነ ኣይጸግቦን ናይ የሱሰይ ፍቕሪ
እንተዘመርክዎ’ኳ ለይቲ ምስ መዓልቲ
ጸግኡ ዝጠዓምና ፍቕሩ ዝበዝሓልና፡
ንዑ ንዘምረሉ ደሃይና ኣልዒልና።

2. ጣዕሚ ክብረት ናይ ሰማይ ሓዲጉ ዝመጸ፡
   ንዓይ ጥፉእ ከድሕን’ውን ንሞት ዝጠዓመ፡
   ንጸላኢኡ ክብል ክንድዚ ዝሰውአ፡
   ከም የሱስ ዘለ ፈቃር ከቶ ኣይርከብን።

ተደጋሚ፡-

3. ኣነስ ፍጹም ኣይፍለን የሱሰይ ካባኻ፡
   ዘጉሂ ኮነ ዘሐጉስ ጥዑም'ዩ ምሳኻ፡
   ኣሚነካ ኣለኹ ከም ዘይተውድቐኒ፡
   ብኢድካ 'ናሳሌኻ ከም ተዐውተኒ፡

*ተደጋሚ፡-*

ደ.ኣ

# <u>መዝሙር እምነት 12 ምስጋና ይግብኣካ ፈቃር ጎይታ</u>

1. ፈጣሪ ናይ ሰማይ ፈጣሪ ናይ ዓለም እንከሎኻ፡
   ንምድሓነይ ክትብል ኣብ መብልዕ ማል ስጋ ለበስካ።

ተደጋሚ፡- <u>ምስጋና ይግብኣካ ፈቃር ጎይታ(2)</u>

2. ምሉእ ዕድሜኻ ጽቡቅ 'ናገበርካ ዝዞርካ፡
   ንኹሎም ጥፉኣት ጥዑም ብስራት ዝነገርካ፡

*ተደጋሚ፡-*

3. ብሓጥያተይ ንዝተዓጽወ ደገ ናይ ሰማይ፡
   ኣብ መስቀል ሞት ተሰቒልካ ፈቲኻ ክትከፍተለይ

*ተደጋሚ፡-*

4. ንሓይሊ ናይ ሞት ብሓይሊ ስልጣንካ ስዒርካ፡
   ምእንቲ ጽድቀይ ኢልካ ካብ መቓብር ተንሳእካ፡፡

*ተደጋሚ፡-*

5. ናብ ሰማይ ዓሪግካ ኣብ የማን ናይ ኣብ ምስ ከበርካ፡
   ዘኸቲመ ከይተርፍ ንመንፈስ ቅዱስ ዝለኣኽካ፡፡

*ተደጋሚ፡-*

6. በዚ ኣይድረትን ዝገበርካለይ ዓቢ ፍቕሪ፡
   ክትምለስ ኢኻ ናብ ሓጎስ ቤትካ ክትወስደኒ።

*ተደጋሚ፡-* *ደ.ሳ*

<u>*መዝሙር እምነት 13 ክብሪ ምስጋና*</u>

1. ክብሪ ንህበካ ዎ የሱስ ዓርክና
   ጸጋ እናሃብካ ኣብዚ ዘብጻሕካና
   ክብሪ ንህበካ መፍቀሪና

ተደጋሚ፡- <u>ክብሪ ምስጋና ውዳሴ ምስ ግርማ</u>

<u>ይኹን ንዓኻ ፈጣሪና(2)</u>

*ተደጋሚ፡-*

2. ካብ ኩሉ ንፈልጦ ካብ ዘይንፈልጦ'ውን
   ድንገት ስጋ ነፍሲ ንህይወት ዘማስን
   ዘድሓንካ ብሩኽ ኣምላኽና ነመስግን

   *ተደጋሚ፡-*

3. ብቐድሚት መራሒ ካብ ኩሉ ዕንቅፋት
   ብድሕሪት ኮብካቢ ካብ መስፍን ናይ ጸልማት
   ምስጋና ይብጻሕካ እሙን ኣምላኽ

## <u>መዝሙር እምነት 14 ይመስገን የሱሰይ</u>

1. ብሓጎስ እውድስ ንየሱሰይ፡
   ብሩኽ፡ ገንሸል ኣምላኽ ዝሞተለይ፡
   ሕይወቱ ብምሃብ ተበጀወ፡
   ብደሙ ዘንጽህ ንሓጥያተይ።

ይመስገን የሱሰይ ብደሙ

ነጺሄ'የ።

2. ከሳዕ ዝሰናበት ካብዛ ዓለም፡

የሰንየኒ ናብ ደገ ሳሌም፡

ዘድልየኒ ኩሉ እናሃበ፡

ከዕርፈኒ እዩ ኣብ ወደበይ፡

ይመስገን የሱሰይ ኣብኡ እየ

ኣዕሪፈ።

3. ኣብቲ ጥዑም ሃገር ምስ ኣተኹ፡

ነቲ ዝሞተለይ ምስ ርኣኹ፡

ምስ ኩሎም ኣሕዋተይ ምስ ሓበርኩ፡

ወርትግ ክሕጎስ'የ ናዘመርኩ።

ይመስገን የሱሰይ ፈጻሚ ኩሉ

ባህገይ።

ደ.ኣ

<u>መዝሙር እምነት 15 ሃሌሉያ ውዳሴ</u>

1. ኣብ ገምገም ጸልማት ከለኹ የሱስ ጸውዓኒ፡
   ካብ መዓሙቕ ሓጥያት ኣውጺኡ ዉሉዱ ገይሩኒ፡
   ቃላት ይሓጽረኒ ኢዩ መሊአ ፍቕሩ ክገልጸ፡
   ካልእ ሓንቲ የብለይኒ ምስጋናይ እህቦ።

   ተደጋሚ፡- ሃሌሉያ ውዳሴ ክብሪ ኣሜን ኣሜን ንመድሓኒ።ስግደት ስልጣን ምስ ኩሉ ክብሪ ንየሱሰይ ዝመርሓኒ።

2. ዝፈልጦ ካልእ ነይብለይ ዚትክእ የሱሰይ፡
   ሓጎሰይ ወሰን የብሉን ናይ የሱስ ምኻነይ፡
   ክገልጸ ኣይሓፍርን'የ ህይወተይ እዩ ሓበነይ፡
   የሱስ ህያው መድሓንየይ እምስክር ካብ ውሽጠይ።

   <u>*ተደጋሚ፡-*</u>

3. ኩነታት 'ተጸንከረ ኩሉ ተስፋ ኣይቆርጽን፡
   የሱስ ፈቃር መድሓንየይ ኣብ ዝፋኑ ይነብር፡
   ክንየው ፈተና ኤማዕዱ ርስቲ ዓወት ተዳልዩ፡

እናፍቕ ክርኢ የሱሰይ ኣብ ጽዮን ክኣቱ።

ብ.ካ

## <u>መዝሙር እምነት 16 በደል ዘይትጽብጽብ</u>

1. ጸሎተይ ሰሚዕካ መልሲ ዝሃብካኒ፡
   ሓጢኣተይ ደምሲስካ ሰላም ዘውረስካኒ፡
   ድኻመይ ቀንጢጥካ ሓይሊ ዘዕጠቕካኒ፡
   ተመስገን ኣምላኸይ ረዲኤት ኴንካኒ።

ተደጋሚ፡- በደል ዘይትጽብጽብ ሓጢኣት ዘይትቖጽር፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ጺጋኻ ዘይትሰፍር፡
ፍቕርኻ ዓቢ'ዩ ምሕረትካ ዘይንገር፡
ምሕረተኛ ኣምላኽ ንዓ ኣብ ልበይ ስፈር።

2. ሓዘነይ ኣርሒቕካ ሓጎስ መሊእካኒ፡
   ፍርሃተይ ቀንጢጥካ ትብዓት ኣልቢስካኒ፡
   ሕማመይ ፈዊስካ ጥዕና ሂብካኒ፡

ተመስገን ኣምላኸይ መድሕን ዝኾንካኒ፡፡

*ተደጋሚ፡-*

3. ጥፍኣተይ ርኢኻ ናብ ቤት መሊስካኒ፡
   ካብ ኣፍ ሞት መንጢልካ ህይወት'ውን ሂብካኒ፡
   ካብ ህይወት ከይዝንብል መራሒ ኴንካኒ፡
   ተመስገን የሱሰይ ጾግዒ ዝኾንካኒ።

   *ተደጋሚ፡-*

4. ጸልማተይ ቀንጢጥካ ብርሃን ዓዲልካኒ፡
   ኣበሳይ ኣርሒቕካ ሓጎስ ዝሃብካኒ፡
   ከኣቱ ከወጽእ እትሕልወኒ፡
   ተመስገን የሱሰይ ሓላዊ ኴንካኒ።

   *<u>ተደጋሚ፡-</u>*

መ.

# <u>*መዝሙር እምነት 17. ምስጋና ንየሱስ*</u>

1. ኣምላኽ ዓቢ ንጉስ ከሎ ካብ ዝፋኑ ወሪዱ፡
 ምእንታና ኣብ መብልዕ ማል ብሕስራን ተወሊዱ።

ተደጋሚ፡- ምስጋና ንየሱስና ዘምሩ፡ ዘምሩ፡
ሃሌሉያ ሃሌሉያ

2.ኣምላኽ ኢዩ ዓቢ ንጉስ ፈጣሪ ኩሉ ዓለም፡
 ንሱ ኢዩ ልዕሊ ኩሉ መን ኢዩ ዝወዳደሮ፡

*ተደጋሚ፡-*

*3.*ኣምላኽ ኢዩ ሓያል ንጉስ፡ ኩሉ ህዝቢ ይፍርሃዮ፡
ንሱ ኢዩ መራሒና ንሕናስ ኣይንፈርህን ኢና፡

*ተደጋሚ፡-*

*4.*ክቡር ሃብታም ከሎ ንሱ ምእንታና ሓሲሩ፡
ቅኑዕ ጻድቕ ፍጹም ከሎ ምእንታና ተዋሪዱ፡፡

*ተደጋሚ፡-*

*5.*ኣቱም ህዝቢ እዛ ዓለም ዓው ኢልኩም ዓልሉ።
ንኣምላኽኩም ዘምርሉ ብኢድኩም ኣጣቕዑሉ።

*ተደጋሚ፡-*
እልል በሊ ኣቲ ምድሪ ዘገርም ናቱ ፍቕሪ፡
ንሱ ኢዩ ፈጣሪና ክሳዕ ሞት ዝመርሓና።

# መዝሙር እምነት 18 ተመስገን ተመስገን

1. ተመስገን ዎ ኣምላኽይ ብመንፈስ ዘሞቕካኒ፡
   ብሕብረት ብፍቕሪ ብኣንድነት ልቢ፡
   ብሓጎስ ግሩህ ልቢ ኣሕዋት ዝሃብካኒ፡
   ከም ቀዳመይቲ ማሕበር ነፍሳት ወስኽኒ።

ተደጋሚ፡- ተመስገን ተመስገን

ተመስገን የሱሰይ፡
ክብሪ ምስ ምስጋና፡
ካብ መዓሙቕ
ልበይ።(2)

2. ተመስገን ዎ ኣምላኺይ ተስፋ ዝሃብካኒ፡
   ክባረኽ ክበዝሕ ቃል ኣፍካ ይብለኒ፡
   ኣሚነ ኣለኹ ልበይ ስበረኒ፡
   እንሆ ህይወተይ የሱስ ባርኸኒ።

   *ተደጋሚ፡-*

3. ተመስገን ዎ ኣምላኺይ መንፈስ ጸሎት ሂብካኒ፡
   ብሓጎስ ብጽንዓት ናባኻ የቕርበኒ፡
   ሓሳብ ልበይ ከፍስስ ረዲኤት ኴንካኒ
   ተመስገን ተመስገን ኣብዚ ዘብጻሕካኒ።

   *ተደጋሚ፡-*

ብ.ካ

## መዝሙር እምነት 19 *ምስጋና ይኹን ንየሱስ*

1. ካብ ጉድጓድ ናይ ጥፍኣት ኣውጺእካኒ ኢኻ፡
   ምሕረትካ ብዙሕ'ዩ የሱስ ንባርያኻ፡
   ውሬታይ እንታይ'ዩ ክመልስ ንኣኻ፡

የልቦን ኣትደልዮ ምስጋና ይብጻሕካ።

ተደጋሚ፦ <u>ምስጋና ይኹን ንየሱስ (4)</u>

2. ካብ ድኻም ክብርትዕ ሓይሊ ተልብሰኒ፡
ኣብ ጸልማት ክኸይድ ብርሃን ትኾነኒ፡
ክትንስእ ክድቅስ ወርትግ ትጓስየኒ፡
ተመስገን የሱሰይ ኣማኒኤል ኴንካኒ።

*ተደጋሚ፦*

3. ንምንባር ብሂወት ጥዑም’ዩ ምሳኻ፡
ዘጎድሎ የብሉን ትጓስዮ ንስኻ፡
ንልቢ ብሓጎስ መሊኣካ ተቐስን፡
ተመስገን የሱሰይ ውህበትካ ዘይትውስን።

*ተደጋሚ፦*

4. ንድምጻይ ሰሚዕካ መልሲ ዝኾንካኒ፡
ድኻመይ ጸጊንካ ሓይሊ መሊኣካኒ፡
ናይ ሰማይ ህይወት ክነብር ባሪኽካኒ፡
ተመስገን የሱሰይ ጽድቂ ዘልበስካኒ፡

*ተደጋሚ፦*

በ.ጸ

# መዝሙር እምነት 20 ኣሜን ኣሜን ኣመስግኒ ነፍሰይ፡

1. ተመስገን ኣምላኸይ ብኹሉ ፍጥረትካ፡
   ዘገርም መስተንክር ኢዩ ተግባር ኢድካ፡
   ካብ ኩሉ ዘደንቕ ንኣይ ብምፍቃርካ፡
   ኣምላኸይ ዓቢ'ዩ ውህበት ናይ ጸጋኻ።

   ተደጋሚ፡- ኣሜን (3) ኣመስግኒ ነፍሰይ፡
   የሱሰይ በይንኻ መዕገቢ ህይወተይ።

2. የሱስ ንኣይ ክብል ኣብቲ መስቀል ሞይቱ፡
   ይገርመኒ'ዩ ሃብቲ ናይ ጸግኡ፡
   መዘና ዘይብሉ ዓቢ እዩ ፍቕሩ፡
   ንኣይ ሓጥእ ክብል ኣብ መስቀል ውዒሉ። (2)
   *ተደጋሚ፡-*

3. ተመስገን ኣብ፡ ወዲ፡ መንፈስ ቅዱስ ሰራዒ፡
   ነቲ ዓቢ መደብ ናይ ድሕነት መስራቲ፡
   ብየሱስ ተረኺበ መፍትሒ መገዲ፡
   ነቲ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጡ ዝድርቢ፡ (2)
   *ተደጋሚ፡-*

4. ወረስቱ ንኣምላኽ የሱስ መዋርስትኻ፡
   ዝሃብካና ውህበት፡
   መላእኽቲ ከገርሞም ኣብ ክብሪ ምግላጽካ፡
   መስተንክር ግሩም'ዩ መደብ ናይ ምድሓንካ።፡(2)
   *ተደጋሚ፡-*

5. ናይ ዘልኣለም ምኽሪ መጋቢነት ጸጋ፡

ሂብካና ሓድነት ኣቕሪብካ ምርሓቕና፡

ሕጂ’ውን ኣልብሰና፡ ለውሃት ህድኣት ዓቕሊ፡

ንኹሉ ክትዕብልል፡ ኣምላኻዊት ፍቕሪ። (2)

*ተደጋሚ፡-*

ት.ተ

# <u>መዝሙር እምነት 21 ተመስገን</u>

1. ኣብ ከረን ደይበ ተመስገን፡
   ክዝምር ከመስግን ተመስገን፡
   ኣብ ሩባ ሞት ኣትየ ተመስገን፡
   ክጭነቕ ክሓዝን ተመስገን፡

   ዎ’ ኣቦ ብርሃናት ተመስገን፡
   ዘይብልካ ምልውዋጥ
   ተመስገን።፡(2)

2. ረኺበ ጸጊበ ተመስገን፡
   ለቢሰ ጸቢቐ ተመስገን፡
   ስኢነ’ውን ጠምየ ተመስገን፡
   ከፊኤ ዓሪቐ ተመስገን።

   ኣምላኽ ዓብዪ ጎይታ ተመስገን፡
   ኣይትልወጥን ኢኻ ተመስገን። (2)

3. ከቢረ ብኣኻ ተመስገን፡
   ረኺበ ጸጋኻ ተመስገን፡
   ክሓስር ስሌኻ ተመስገን፡
   ውጉዝ ክኾነልካ ተመስገን፡

   ስለ’ዚ ውን ኣቦይ ተመስገን፡
   ቅዱስ ስምካ ይግነን ተመስገን።፡(2)

4. ኩሎም ተፈተዉ፡ ተመስገን፡
   እንተ ተቐበሉኒ ተመስገን፡
   ጸላእተይ'ውን ኮይኖም ተመስገን፡
   ዘይትልወጥ ኀይታ፡ ተመስገን፡
   ዘይትፍለየኒ ተመስገን፡

ዑ.ሃ

# መዝሙር እምነት 22 ምስጋና ንእግዚኣብሔር

ምስጋና (2) ንእግዚኣብሄር ምስጋና
ንሞት ብዓወት ውሒጡ
ውርደትና ብኽብሪ ለዊጡ፡
ዝኸብ'ድ ጾርና ቀንጢጡ፡
ንዝመርሓና ኣምላኽና፡ ንእግዚኣብሄር ምስጋና።

1. ብምሕረትን ብፍቕርን ብለውሃት ዝፈለጠና፡
   ንዘፍቅሮ ወዱ ንየሱስ ዝሃበና፡
   ክብሪ ደቂ ኣምላኽ መታን ከውርሰና፡
   ንእግዚኣብሄር ምስጋና ዘይደሊ ሞት ጥፍኣትና፡

   ምስጋና(2) ንእግዚኣብሄር ምስጋና፡

ንጸላኢና ኣሕፊሩ፡
ከቢድ ኣርዑትና ሰባቢሩ፡
ሓርነት ብወዱ ኣበሲሩ፡
ንዚመርሓና ኣምላኽና ንእግዚኣብሔር ምስጋና።

2. ብሞት ወዱ ስዒሩ ንሓይሊ ማእሰር ናይ ሞት፡
ንዘውጽኣና ካብ ሰይጣን ባርነት፡
ንዝመርሓና ብበረኸት ብዓወት፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ይኹኖ ክብሪ ምስጋና፡

ምስጋና(2) ንእግዚኣብሄር ምስጋና፡
¶ሂና ብሓጎስ ውሒጡ፡
ሓዘንና ናብ እልልታ ለዊጡ፡
ውዲት ጸላኢ ኣፍሊጡ፡
ንዝመርሓና ኣምላኽና ንእግዚኣብሔር ምስጋና።

ዑ.ሃ

# <u>መዝሙር እምነት 23 ኣብ ውግእና ተሰሊፍካ</u>

1. ኣማሌቕ ኣድብዩ ኣብ ቅድሜና፡
ክኸልክል ናብ ከንኣን መገድና፡
ብእምነት ኣእዳውና ምስ ኣልዓልና፡
ብስሕለት ሰይፊ ቖርደዶም ኣምላኽና፡
ኣጥፍኤ ንዝኸሮም ካብ ምድርና።

ተደጋሚ፡- ኣብ ውግእና ተሰሊፍካ ንጸላኢና

ስዒርካ፡

ክሳዕ ኣብዚ ረዲእካና

ክበር ተመስገን ጎይታና

መድሓኒና።

2. ኣብ መንገ'ቲ ብዙሕን ውሑድን፡
   ኣብ መንገ'ቲ ድኹምን ሓያልን፡
   ክረድእ ዚኽእል ብዘይካኻ፡
   ዚቖውም'ውን የለን ዚመስለካ፡
   ዚወዳደር ክኸውን ማዕሬኻ።

   *ተደጋሚ፡-*

3. ጸላኢና ሰራዊቱ ኣኽቲቱ፡
   ብርሃን ናይ መዓልቲ ኣጸልሚቱ፡
   ኣጽቢቡልና ነይሩ ብኽእለቱ፡
   ሕጂ ግን ብዘሎ ተበቲኑ፡
   ዓወት ናይ እግዚኣብሔር ኮይኑ።

   *ተደጋሚ፡-*

4. መገድኻ መድሚድካ ኣብ ቅድሜና፡
   ኣሕፊርካዮም ዚምነዩ ውድቀትና፡
   ዝተረፈ ጉያ ናይ ህይወትና፡
   ብምኽንያት ተጸናጸንትና፡
   ብጽድቅኻን ሓቅኻን ምርሓና።

   *ተደጋሚ፡-*

ሁ.ሃ

# መዝሙር እምነት 24 ምስጋና

## ምስጋና

1. ምድሪ ክትጽልምት ብርሃና፡
   ጥሜት ክጸንዕ ጽጋብና፡
   ኣብ ግዜ ቅብጸት ተስፋና፡
   ኣብ ¶ሂ ምጽንናዕና።

   ተደጋሚ፡ ምስጋና ምስጋና፡
   ንኣኻ ይኹን ምስጋና፡
   ንስቓይ ዘይሓደግካና፡
   (ኣምላኽ ሓርነት ሰላምና።)

2. ህዝቡ መሪሑ ዘንቀለ፡
   ንባሕሪ ኣብ ክልተ ዚመቐለ፡
   ንናቱ ብደሓን ዘስገረ፡
   ንተጻረርቶም ግን ዘጥሓለ።
   *ተደጋሚ፡-*

3. ሎሚ ሓያል'ዩ እንብሎ፡
   ጽባሕ ኣብ ቦታኡ ክንስእኖ፡
   ኣምላኽና ግና ኣብ ዝፋኑ፡
   ክፍራህ ይነብር በይኑ።
   *ተደጋሚ፡-*

4. ንእግዚኣብሄር ንዘምር፡

ምድሓኑ ኣብ ኩሉ ነበስር፡

ንምውዳሱ ንበርትዕ፡

ያሪኮ ክፈርስ ነውክዕ።

*ተደጋሚ፡-*

*ዑ.ሃ*